Seattle Office of Labor Standards

# ዝኽፈሎ ናይ ሕማም ከምኡድማ ውሑስ ግዜ, SMC 14.16

## Paid Sick and Safe Time and COVID-19 -- **ብተደጋጋሚ ዝሕተቱ ሕቶታትን መልሲታቶምን**

ንሰራሕተኛታት Paid Sick and Safe Time (PSST፣ ዝኽፈሎ ናይ ሕማም ከምኡድማ ውሑስ ግዜ) ከምዝጥቀሙ ብምግባር ኣስራሕቲን ሰራሕተኛታትን እቲ ማሕበረሰብ ውሑስን ጥዕናኡ ዝተሓለወን ኮይኑ ክቕጽል እጃሞም ከበርክቱ ይኽእሉ እዮም! እዚ ሰነድ ብዛዕባ ናይ Seattle Paid Sick and Safe Time ሕጊ ክተልዕሉዎም ንትኽእሉ ሕቶታት መልሲታት ክህበኩም እዩ። ንዝያዳ ሓበሬታ፡ ብኽብረትካ ናይ Office of Labor Standards (ቤት-ጽሕፈት ስተንዳርድታት ሸቕሊ) መርበብ ሓበሬታ ተወከስ።

Paid Sick and Safe Time Ordinance (እቲ ናይ ዝኽፈሎ ሕማምን ውሑስ ግዜን ኦርዲናንስ):

- ሰራሕተኛታትን ህጻውንቲን ክሓሙ እንከለዉ ካብ መሳርሕቶም፡ ቤት-ትምህርቲ፡ ከምኡድማ ዓማዊል ርሒቖም ኣብ ገዝኦም ክጸንሑ ብምግባር ጥዕና ሕብረተሰብ ይሕሉ
- ናይ ሕማም ምልባዕ ብምንካይ ዝያዳ ፍርያታዊ ናይ ስራሕ ቦታ ይፈጥር
- ሰራሕተኛታት ደሞዞም ከይሰኣኑ ጥዕናኦም ስለዝሕልዉ ኢኮኖምያዊ ውሑስነት ይሃንጽ

---

### Paid sick and safe time (PSST) **እንታይ እዩ?**

Paid sick and safe time ሰራሕተኛታት ነዚ ዝስዕብ ክጥቀሙሉ ዝኽእሉ ኣስራሒኦም እናኸፈሎም ካብ ስራሕ ዝቦኾሩሉ ግዜ እዩ:

- ብምኽንያት ሕማም፡ ማህሰይቲ፡ ወይድማ ኩነታት ጥዕና ንገዛእ-ርእሶም ወይድማ ንኣባል ስድራቤቶም ክሕብሕቡ
- ሕክምናዊን ናይ መከላኸሊን ክንክን ክረኽቡ ናብ ሓኪም ክኸዱ
- ስራሕ ዝሰርሑሉ ቦታ ብጥዕናዊ ምኽንያት ብመንግስታዊ በዓልመዚ ክዕጸዉ እንከሎ
- ናይ ቆልዓኦም ቤት-ትምህርቲ ወይድማ ናይ ክንክን ማእከል ብጥዕናዊ ምኽንያት ብመንግስታዊ በዓልመዚ እንተድኣ ተዓጽዩ

### **ኣየኖት ሰራሕተኛታት እዮም** PSST **ዝረኽቡ?**

ኣብ Seattle፣ እቲ ሕጊ ኣስራሕቲ ንኹሎም ሰራሕተኛታት ዝኽፈሎ ናይ ሕማም ከምኡድማ ውሑስ ግዜ ክህቡ የገድዶም። እዚ ናይ ሙሉእ-ግዜ፡ ናይ ትርፊ-ግዜ፣ ግዝያዊ፣ ሕድገት ዝተገብረሎም፡ ከምኡድማ ሕድገት ዘይተገብረሎም ሰራሕተኛታት የጠቓልል።

### **እቶም ሰራሕተኛታት ክንደይ** PSST **ይረኽቡ?**

Paid Sick and Safe Time ኣብ ነዊሕ ግዜ እዩ ዝውሰድ። እቲ መጠን ኣብ ናይቲ ሰራሕተኛ ዝሰርሖም ብዝሒ ሰዓታትን ኣብ ናይ ኣስራሒኦም ናይ ንግዲ ትካል ግዝፈትን ዝተደረኸ እዩ። ንዝርዝር ሓበሬታ፡ ናይ Office of Labor Standards መርበብ ሓበሬታ ተወከስ።

### **ሓደ ሰራሕተኛ ብሓንሳእ ክንደይ** PSST **ክወስድ ይኽእል?**

ሓደ ሰራሕተኛ ዝኾነን ኩሉን ዘዋህለሎም ሰዓታት ክጥቀም ይኽእል እዩ፡ ኣብ እቶም ወሰኻት ምስቲ እቲ ኣስራሓይ ናይ ስራሕ ሰዓት ዝመዝገበሉ ዝተሓተ መጠን ግዜ ዝመጣጠን እንተኾይኑ (ካብ ሓደ ሰዓት ዝነውሕ ግን ክኸውን የብን)።

### **ሰራሕተኛታት ናይ** PSST **ባላንሶም ከመይ ጌሮም ይረኽቡ?**

እቶም ኣስራሕቲ ኣብ ነብሲወከፍ ደመወዝ ዝተቐበሉሉ ግዜ እዚ ሓበሬታ ከካፍሉ ኣለዎም። ብዙሓት ኣስራሕቲ እዚ ሓበሬታ ኣብ ናይ ክፍሊት ቅብሊታት የቕምጡዎ ወይድማ ብናይ ኦንላይን ናይ ፐይሮል ሓበሬታ ስርዓት ኣቢሎም የቕርብዎ።

### <u>**ናይ ስራሕ ቦታኦም፣**</u> <u>**ናይ ቆልዓኦም ቤት-ትምህርቲ፣**</u> <u>**ናይ ቆልዓኦም ማእከል ክንክን**</u> **ብምኽንያት ከም** COVID-19 **ዝኣመሰሉ ናይ ጥዕና ጸገማት ብመንግስታዊ በዓልመዚ ዝተዓጽዎ ሰራሕተኛ** PSST **ክጥቀም ይኽእልዶ?**

<u>እወ</u>። ናይቶም ሰራሕተኛታት ናይ ስራሕ ቦታ፡ ናይ ቆልዓ ቤት-ትምህርቲ፡ ናይ ህጻን ማእከል ክንክን እንተተዓጽዩ፡ እንተኾነ ካብ ናይ መንግስቲ በዓልመዚ ዝመጸ ትእዛዝ እንተዘየልዩ፡ እቶም ኣስራሕቲ ሰራሕተኛታት PSST ክጥቀሙ ክፈቕዱሎም ይኽእሉ እዮም። ንኣብነት፡ እንድሕር ናይ ውልቀ ቤት-ትምህርቲ ርእሰመምህር (መንግስታዊ በዓልመዚ ዘይኮነ) ናይቲ ሰራሕተኛ ቆልዓ ዝመሃረሉ ቤት-ትምህርቲ እንተዓጽዩ፡ እቲ ኣስራሒ፣ ነቲ ሰራሕተኛ ዝተዋህለለ PSST ክጥቀም ክፈቕደሉ ይኽእል እዩ።

### **መን እዩ መንግስታዊ በዓልመዚ?**

መንግስታዊ በዓልመዚ ናይ ስራሕ ቦታ ወይ ቤት-ትምህርቲ ክዓጽው ስልጣን ዘለዎ ናይ መንግስቲ ሰራሕተኛ እዩ። እዚ ከባቢያዊ፡ ናይ ክፍለግዝኣት፡ ወይድማ ናይ ፌደራል ሰብመዚ ከምኡድማ ናይ ጥዕና ሰብመዚ (ንኣብነት፡ Seattle - King County Public Health (ናይ

ኪንግ ካውንቲ ባዕል መዚ ጥዕና)፣ the Center for Disease Control (ማእከላት ናይ ሕማም ምክልኻል)፣ ወይድማ State Department of Health(ስቴት ዲፓርትመንት ጥዕ) ወይድማ ላዕለዋይ ሓላፊ ወይ ርእሰመምህር ናይ መንግስታዊ ቤት-ትምህርቲ።

**እቶም ኣስራሕቲ እቲ ሰራሕተኛ ስለምንታይ** PSST **ክጥቀም ይሓትት ከምዘሎ ዝርዝር ሓበሬታ ክሓትትዶ ይኽእል**?
ኣይፋል። ሰራሕተኛታት PSST ዝጥቀሙሉ ምኽንያት ከካፍሉ ኣይግደዱን። ኣስራሕቲ ድሕሪ ሰለስተ ተኸታተልቲ ናይ PSST ናይ ስራሕ መዓልቲታት፡ ናይ ብኩራት ምኽንያት ከረጋግጹ ሰነድ ክሓቱ ይኽእሉ እዮም።

**ሰራሕተኛ** PSST **ክጥቀም ከተገድዶ ይከኣልዶ**?
ኣይፋል። እቶም ኣስራሕቲ በቲ ኦርዲናንስ ንዝሸፈን ብኩራት ንሰራሕተኛታት PSST ክጥቀሙ ከገድዱዎም ኣይኽእሉን።

**ኣስራሒ ንሰራሕተኛ ብምኽንያት ሕማም ንገዝኡ ክሰዶ ይኽእልዶ**?
እቲ ናይ PSST ሕጊ ኣስራሓይ ንሰራሕተኛ ብምኽንያት ሕማም ንገዝኡ ከይሰድድ ኣይኽልክልን። ካልኦት ናይ ክፍለግዝኣትን ከባብያዊን ሕጊታት ንሰራሕተኛ ናብ ገዝኡ ምስዳድ ሕጋዊ ድዩ ወይስ ረቛሒ ክውስኑ ይኽእሉ እዮም። ንኣብነት፡ ናይ Department of Health (ዲፓርትመንት ጥዕና) ስሪታት ኣስራሕቲ ንናይ መግቢ ኣገልግሎት ሰራሕተኛ ከም ተምላስ ወይ ናይ ጎሮሮ ሳሒን ረስኒን እንድሕር ሪኦሙሉ ናብ ገዝኡ ክሰዱዎ የገድዱዎም። ንዝያዳ ሓበሬታ፡ [Washington Administrative Code 246-215 (ናይ ዋሽንግቶን ምምሕዳር ቁጽሪ 246-215)](#) ረኣይ ወይድማ ን [Seattle-King County Public Health Department(በዓል መዚ ጥዕና ናይ ሲያትል ኪንግ ካውንቲ)](#) ኣዘራርብ።

**ኣስራሕቲ ተላባዒ ሕማም ናብ ዘለዋ ሃገር ንዝተጉዓዙ ሰራሕተኛታት ካብ ስራሕ ክኽልክሉ ይኽእሉዶ**?
ሓደ ሰብ ን COVID-19 ከምዝተቓልዐን ከምዘይተዓልዐን ንምፍላጥ ናብ ገለ ሃገር ወይ ዞባ ዝገበሮ ጉዕዞ ሓቃዊ ሓባሪ ክኸውን ኣይኽእልን። ዝኾነ ኣካል ወይ ጉጅለ ንናይ COVID-19 ክስተት ተሓታታይ ወይ ዒላማ ክኸውን ኣይኽእልን። ኣድልዎታትን ምስፍሕፋሕ ግጉይ ሓበሬታን ከመይ ክንከላኸሎምን ምላሽ ክንህቦምን ከምዘለና ዝምልከት ሓበሬታ ኣብዚ ጠዊቕካ ክርከብ ይከኣል እዩ። ኣብ ናይ ሰራሕተኛ ዓሌት ወይ ብሄራዊ መበቆል ዝተደረኸ ኣሉታዊ ናይ ሸቕሊ ስጉምቲ ምውሳድ ኣድልዎ ክብ ከብል ይኽእል እዩ። ንዝያዳ ሓበሬታ፡ ምስ [Office of Civil Rights (ቤት-ጽሕፈት ሲቪላዊ መሰላት)](#) ብ 206-684-4500 ተዘራረብ።

**እቶም ሰራሕተኛታት ኩሉ ዘዋህለሉዎ** PSST **ዝተጠቐሙ እንተኾይኖም ወይድማ ገና ዝተዋህለለ ናይ ዕረፍቲ ግዜ ዘይብሉ ሓድሽ ሰራሕተኛ እንተኾይኑኸ**?
ኣስራሕቲ ዝተዋህለለ ናይ PSST ሰዓታት ጥራይ እዮም ንሰራሕተኛታቶም ክፈቕዱ ትጽቢት ዝግበረሎም። ኣስራሕቲ ብሰናይ ድልየቶም ተወሳኺ ዝኽፈሎ ዕረፍቲ ክህቡ ወይድማ ዕረፍቲ ወይ ካልእ ዝተዋህለለ ዕረፍቲ ክፈቕዱ ይኽእሉ እዮም። ካልኦት ሕጊታት ኣስራሒ ንሰራሕተኛታት ዕረፍቲ ክህቡ ከገድዱዎም ይኽእሉ እዮም; እንኮላይ: እቲ Family and Medical Leave Act (ናይ ስድራቤት ከምኡድማ ሕክምናዊ ዕረፍቲ ሕጋገ)፣ Washington State Paid Family Medical Leave (ዝኽፈሎ ሕክምናዊ ዕረፍቲ ስድራቤት ክፍለግዝኣት Washington)፣ ከምኡድማ ናይ ፌደራል፣ ክፍለግዝኣት፡ ከምኡድማ ከባብያዊ ናይ ስንክልና ሕጊታት።

**ሰራሕተኛታት ዘይተጠቐሙሉ** PSST PSST **ዘድልዮም መሳርሕቶም ንምሕጋዝ ናብ ዝኽፈሎ ናይ ዕረፍቲ ልግሲ መደብ ክልግሱ ይኽእሉዶ**?
እወ፡ እቲ ኣስራሓይ እዚ ዝፈቅድ ፕሮግራም እንተልዩዎ። (እቲ ሕጊ እዚ ክግበር ኣየገድድን።)

**ሰራሕተኛታት** PSST **ክወስዱ ዘድልዩዎም ሰዓታት ዝሸፍነሎም ሰብ ክደልዩ ይኽእሉዶ**?
ኣይፋል። ኣስራሒ ንሰራሕተኛ ናይ PSST ሰዓታት ዝሸፍነሉ ሰብ ክደልይ ከገድድ ኣይኽእልን።

**ሰራሕተኛ ኣብ ክንዲ ዝኽፈሎ ናይ ሕማምን ውሑስ ግዜን ናይ ስራሕ ፈረቓታት ክቐያይር ይኽእልዶ**?
እወ። ኣስራሒን ሰራሕተኛን እንድሕር ተስማዕሚዖም፡ ሰራሕተኛ ኣብ ክንዲ PSST ምውሳድ ናይ ስራሕ ፈረቓታት ክቐያይር ይኽእል እዩ።

**ናይ** Seattle Public Schools (SPS፣ **መንግስታዊ ቤት-ትምህርቲታት ሲያትል**) **ሰራሕተኛታት ብናይ** Seattle Paid Sick and Safe Time **ሕጊ ሽፋን ይረኽቡ ድዮም**?

ኣይፋል። እንተኾነ፡ ገለ ናይ SPS ሰራሕተኛታት ብናይ Washington State Paid Sick Leave law (ናይ ዋሺንግተን ክፍለግዝኣት ዝኽፈሎ ናይ ሕማም ዕረፍቲ ሕጊ) ሽፉን ክረኽቡ ይኽእሉ እዮም። ብዛዕባ መንግስታዊ ሓለዋታት ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ ኣብዚ ተወከስ: https://lni.wa.gov/workers-rights/leave/paid-sick-leave/።

**ሰራሕተኛታ** PSST **ካብቶም ብሕጊ ሓለዋ ዝግበረሎም ምኽንያት ወጻኢ ንኻልእ ዕላማ ክጥቀም ይኽእልዶ**?
እወ። ኣስራሕቲ PSST ካብቶም ብሕጊ ዝተሸፈኑ ምኽንያታት ወጻኢ ንኻልእ ዕላማ ኣብ ጥቕሚ ክውዕል ክፈቕዱ ይኽእሉ እዮም።

**ኣነ ኣብ ትሕቲ እዚ ሕጊ ብዛዕባ መሰላተይን ግቡኣተይን ሕቶታት እንተለዉኒ ናብ መን ክድውል እኽእል**?
ብኽብረትካ ናብ Seattle Office of Labor Standards (OLS) ብ 206-256-5297 ደውል ወይድማ ነዚ መርበብ ሓበሬታና ተወከስ http://www.seattle.gov/laborstandards። ሕቶታት ክንምልስ ከምኡድማ ሪሶርስታት ከነቕርብ ንኽእል ኢና!

**ብዛዕባ** COVID-19 (**መጀመርያ ኖብል ኮሮና ቫይረስ ዝበሃል ዝነበረ**) **ከምኡድማ ብዛዕባ ንኽዳሎ ክወስዶም ዘለኒ ቅደምሰዓባት ዝያዳ ሓበሬታ ኣበይ ክረክብ እኽእል**?
ነቲ Public Health (መንግስታዊ ጥዕና) ተወከስ – ናይ Seattle & King County መርበብ ሓበሬታ ከምኡድማ ናይ ሓበሬታ ፍልዮ ብዛዕባ COVID-19 ንዝያዳ ሓበሬታ፡ ሰፊሕ FAQ ከምኡድማ ንሓፋሽ፣ ቤት-ትምህርቲታት፡ ናይ ስራሕ ቦታታትን ናይ ጥዕና ክንክን ሰራሕተኛታትን ክገብሩዎ ብዛዕባ ዝግባእ ድሉውነት ምኽሪታት ዘጠቓል።